UNIVERSITÄTS-
KINDERSPITAL
ZÜRICH

ሓበሬታ ንወለዲ

# መጉዳእቲ ቖርበት



Das Spital der
Eleonorenstiftung

# መጉዳእቲ ቖርበት

## ሓፈሻዊ:

ንደጋዊ ኣካል ዝሃስዩ ሓደጋታት (መድመይቲ፡ ምልሕጻጽ) መብዛሕትኡም ኣብ ቖልዑ ይርኣዩ። በላሕቲ ነገራት ሓደ ሳዕበን ናይ  መድመይቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ዕላማ ምሽፋን ዝተጎድኤ ኣካል፡ ካብ በከልቲ ነገራት ንምክልኻል፡ ጽረቱ ንምሕላውን ዝተጎድኤ ኣካል ብዝከኣል ምሽፋኑ  ንክሓዊን ብዝቀልጠፈ ግቡእ ስሩሑ ንምጅማርን ይሕግዝ።

ኮይኑ ግን ዳርጋ ኩሎም ቑስልታት ወይ መጉዳእትታት ምስ ሓወዩ በሰላ ይገድፉ እዮም (ብዘይካ ቀለልቲ መድመይቲ ወይ ልሕጻጻት)። ብሕክምናዊ ክንክን ዘይጽለዉ ብዙሓት ረቓሒታት ምስ እዚ ብዝተኣሳሰር ብዙሕ ተራ ይጻወቱ እዮም። ኮይኑ ግን እቲ ቁስሊ ገፊሕ ከፉት ምስዝህልዎ፡ ረሳሕ ምስዝከውን ወይ'ውን ዕምቖት ማህሰይቲ ምስዝህልዎ፡ ኽምዚ ዝኣመሰለ ቁስሊ ብዶክተር ምክትታል ክግበረሉ ኣገዳሲ እዩ።

## ረኽሲ

ኣብ ቖርበትና ብተፈጥሮ ባክተሪይ ኣለዉ። ምስ መጉዳእቲ ወይ ምልሕጻጽ ውሽጢ በሲያም ብምእታው ረኽሲ ከስዕቡ ይኽእሉ። ቁስልታት  ብእንስሳ  ወይ ፈሳሲ ዘለዎ ኣካላት ወዲ ሰብ ምስ ዝትንከፉ ብጣዕሚ ረሳሓትን ንረኽሲ ዝተቓልዑን ኣዮም። ከምዚኦም ዓይነት ቁስልታት ብቀጻሊ ኣጸቢቖም ክጸርዩ ክኽእሉ ኣለዎም።

ብዘየገድስ ኣንጻር ረኽሲ ንወሰዶም ስጉምትታት፡ ረኽሲ ቁስሊ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ሓደጋ ዝርኤ ተርእዮ እዩ። ምልክታት ረኽሲ ከባቢ ናይቲ ቁስሊ ይቅይሕ፡ ቃንዛን ሕበጥ ከባቢ ቁስልን እዮም። ፡ ምንዛዕ ሙግሊ ብዝኾነ መገዲ ዘይተርፍ ተርእዮ እዩ።

## ክታበት

ተታኑስ (Tetanus) ዝበሃል ባክተሪይ ኣብ ኩሉ እዩ ዝርከብ። ብዝተቀደ ኣካል ወይ ቖርበት ብምእታው ተታኑስ ዝበሃል ረኽሲ የስዕብ፡  እዚ ኸኣ መብዛሕትኡ ግዜ ሳዕበን ሞት ናይ ዘይተኸትቡ ወይ ምሉእ ክታበት ናይ ዘይወሰዱ ሰባት ይኸውን።  እዚ ኸኣ ሓደ ምኽንያት እዩ፡ ሓደጋ ምስ ተረኽበ ዝተወሰደ ክታበት ከምዝሰርሕን ዘይሰርሕን ምቁጽጻርን ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ንዝተወሰደ ተታኑስ ዘበራትዕ ክታብት ምሃብን። ግዳያት ጠቅላላ ዘይተኸትቡ ወይ ሙሉ ክታበት ዘይወሰዱ ምስ ምስዝኾኑ (4 ክታበት ተታኑስ) ኣንጻር  ተታኑስ ዝበሃል ረክሲ ወይ'ከኣ እታ ናይ መጨረሻ ክታበት ቅድሚ ሓምሽተ ዓመት ዝተወሰደት ምስ ዝኸውን ከም ካልኣይ ክኽተብ ይግባእ።

**ልሕጻጽ:**

እዞም መጉዳእትታት ወይ ቁስልታት ኣዚኦም ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ቆርበት ዝፍጸሙ ሓደጋታት ብምኻኖም ጫፋት እቲ ቁስሊ ምክንካን ብፕላስተር ምሽፋንን ኣኻሊ እዩ።

**ከፉት ዘለዎም መጉዳእትታት:**

እዚኦም ቁስልታት እዚኦም ብዶክተር ክንክን ክግበረሎም ኣለዎም። እንተደእ ንሳቶም፡

… ልዕሊ 1-2 cm ከፉት ሃልዮም።

…ዕምቆት ወይ'ከኣ ስፍሓት ዘለዎም ምስዝኾኑ(ጫፋት ቁስሊ ገለ ሰንቲመተር ግፍሓት ምስ ዝህልዎ)

… ረሳሓት ምስዝኾኑ

…. ናይ ገጽ መጉዳእቲ ምስዝኸውን

እንተዘይ ኮይኑ ግን (ኣብነት Merfen®, Betadine®, Octenisept® ዝበሃሉ መድሓኒታት) ብምግባር መሸፈኒ ፕላስተር ምሽፋኖም ኣኻሊ እዩ።

**ምክትታል**

ኣቀዲምካ ንዝገበርካዮ ናይ ፍወሳ መስርሕ ቁስሊ ውላድካ ኩሉ ብግልጺ ንዶክተር ሓብር። ብሓፈሻ ቁስሊ ኣብ ናይ መጀመራት መዓልታት ብዙሕ ጠሊ ክህልዎ የብሉን። መሸፈኒ ፕላስተር ኣብ ውሽጢ 5 – 7 መዓልቲ ምልጋስ ይከኣል፡ ኣብ ውሽቲ እዘን ዝተጠቅሳ መዓልታት መሸፈኒ ፕላስተር ጠሊ ክህልዎ የብሉን። ዝተሰፍየ ቁስሊ ኣብ ውሽጢ 5 – 14 መዓልቲ ክፍታሕ ይኽእል(ኣብ ኩነታት ቁስሊ ይምርኮስ)። ጥንቃቀ ዘድልዮም ዝተሰፍዩ ቁስልታት ፍሉያት እዮም።

ዘተሰፍየ ዝፍተሓሉ ዕለት፡ ________________

ሓኪም ኮንትሮል ዝገብረሉ ዕለት: ________________

ምህጻብ ኣይፍቀድን/ነብሲ ምሕጻብ የለን/መሸፈኒ ቁስሊ ክጠልል የብሉን ክሳብ፡ ________________

ተወሳኺ ክፍለጥ ዘለዎ ጉዳይ፡ እዞም ቁስልታት ኣዚኦም እንተወሓደ ን 6 ወርሒ ካብ ናይ ጸሓይ ብርሃን ክንከላኸለሎም (ብናይ መከላከሊ ጸሓይ ኪሬም ወይ ክክደን) ይግባእ።

# ምስ ቑስሊ መዓስ ናብ ሓኪም ንኺይድ?

- እቲ ቑስሊ ብናይ እንስሳ ወይ ሰብ ማህረምቲ ምስዝኸውን።
- ስፍሓት ቑስሊ ዓቢን ዓሚቑን ምስ ዝኸውንን ከምኡ'ውን ርስሓት ምስ ዝህልዎን።
- ቑስሊ ኣብ ገጽ ምስዝኸውን።
- እቲ ቖልዓ ኣንጻር ተታኑስ ዘይተኸትበ (ኣቀዲሙ ዘይተኸትበ ወይ'ከኣ ትሕቲ 4 ናይ ተታኑስ ክታበት ዝወሰደ ወይ'ውን ናይ መጨረሻ ክታበት ቅድሚ 5 ዓመት ዝወሰደ) ምስዝኸውን።
- ድሕሪ ቑሩብ መዓልታት ከባቢ ቑስሊ ምስ ዝቕይሕን ዝሓብጥን፣ እቲ ቖልዓ ቃንዛ ምስ ዝሕልዎን ብዝኾነ ምኽንያት ረስኒ ምስ ዝገብረሉን።
- ኣቲ ቖልዓ ድሕሪ ሓደጋ ኣብ ከባቢ ዝተጎድኤ ኣካል ቃንዛ ምስ ዝህልዎን።
- ብዝተፈላለየ ካልእ ምኽንያታት ብውላድካ ምስ ትጭነቅን።

© Emergency Team, University Children's Hospital Zurich, October 2009

UNIVERSITÄTS-
KINDERSPITAL
ZÜRICH

Das Spital der
Eleonorenstiftung

Kinderspital Zürich - Eleonorenstiftung
Steinwiesstrasse 75
CH-8032 Zürich

www.kispi.uzh.ch